


# ዜና መጽሔት, 30 April 2020

## ሓደስቲ ትሕዝቶ




ምዝንታው ሓቀኛ ታሪኽ ምስ ኤርትራውያን ማሕብረሰብ ኣብ ስደት ዝነብሩን ከምኡ ድማ ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ምስ ዘለዉ ስደተኛታት ብምትሕብባር፡**ብዛዕባ ጥንቃቐ ኮቪዲ-19 ኣብምትብባዕ** ይሰርሕ።ዘርኣይ ኣብራሃም ኪሮስ ተቀማጢ ጀርመንን ደጋፊ ምዝንታው ሓቀኛ ታሪኽን፡መሰራቲ ኡቡንቱ ሃኡስ(Ubuntu Haus) ዝኾነ፡ሓጺር ናይ ቪድዮ መልእኽቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ብምዝርጋሕ፡"ኣብ ስደት ዝነብሩ ማሕበረሰብ፡ነብሶም ካብ ኮቪድ-19 ክከላኸሉ፡መምርሒታት ዝነብርሉ ሃገራር ብግቡእ ክኸታተሉ ጸዊዑ።"ንምሉእ ትሕዝቶ ናይቲ ቪድዮ ኣብዚ ተዓዘቡ።

ዝተመሓየሸ መርበብ ሓበሬታና ቀጥታዊ እዩ! ኩሎም ምስክራትና (ዛንታታት) ብቛንቛታት ትግርኛ፡ ሶማለኛ፡ፒድጊን (ናይጀርያ) ከምኡ ድማ ዓረበኛ ኮይኖም፡ኣብ'ዚ ክትርእይዎም ትኽእሉ።ብዘይክኡ ድማ ንጥፈታት ፕሮጀክትና ንምኽትታል ቀሊል፡ቅልጡፍ ከምኡ ድማ ንምትሕሓዙ ቅልል ዝበለ ኣገባብ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ብምጥዋቕ ናብ መርበብ ሓበሬታና ብጽሑ።

## ንጥፈታት

*ኣብዚ ታሕቲ ንርእዮም ዘለና ንጥፈታት ቅድሚ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ኤውሮጳን ቀርኒ ኣፍሪቃ ምልብዑ ዝተኻይዱዮም*



ምስ ምምጻእ ለበዳ ኮቪዲ-19 መንእሰያት ዝተፈላለዩ ናይ ፈጠራታት መንገዲ ንመረዳድኢ ሓሳባት ፈቲሾም እዮም። ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ጓል 22 ዓመት ፋጥማ ኣሕመድ ሓዩቲ ከም ስነ-ጥበበኛ ብዘለዎ ፍሉይ ክእለት፡ ብናይ ህጻናት መሓዙት ምስልታት፡ መኸላኸሊ ስጉምትታት ብዛዕባ ኮቪዲ-19 ኣዳልያ። ጥበባዊ ስርሓ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ኣብ ቀረባ ግዜ ክዝርጋሕ እዩ። ኣብ'ቲ ናይ ጥበብ ሃዋህው ምዝንታው ሓቀኛ ታሪኽ፡ ምስ ZOA ዝተባህለ ዓለም ለኻዊ ትካል፡ ዝተውሃሃደ ናይ ስደተኛታት ናይ ስነ-ጥበብ ትራፒ፡ ስልጠናታት፡ ኤግዝቪዝን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣካይዱ።እቲ ርክብ ስደተኛታት፡ንስነ-ኣእምሮኣዊቅሳነት ቦታ ክህብዎ፡ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ዝህልዎም ስእልታት ቃልሶምን ሕሉፍ ስነ-ኣእምሮኣዊ ስንባደን ድማ ከርሕቅዎ ርሒብ ይህብ ።



ናይ ምዝንጋዕ ንጥፈታት ንስደተኛታት ኣብ ስነ-ማሕበራዊ ርክባቶም ዘለዎም ርክብ ክድንፍዕ ብጣዕሚ ከምዘድልዮም ይፍለጥ። ምዝንታው ሓቀኛ ታሪኽ ኣወንታዊ ጽምዶ ብምክያድ ብመንገዲ ኩዕሶ እግርን ስነ-ጥበብን ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ንጥፈታት ኣካይዳ።ኣብ ካርቱም ሰሙናዊ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ቅድሚ ብሰንኪ ኮቪዲ-19 ምዕጻው ምምጽኡ ተወዲቡ እዩ። እቲ ግጥማት መንእሰያት ማሕበራዊ ርክባቶም ክድልድል፡ወለንታውያን ሰባት ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ክውሃሃዱ ዕድል ሂቡ።ኣብ ምብራቕ ሱዳን ስልጠና ብመንገዲ ተዋስኦታት፡ ንተዓዘብቲ ብሓባር ምስራሕን ምፍታሽ ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት፡ ኣብ ምብዳህ ጸገማት ንምትብባዕ፡ ብናይ ስደተኛታት ጉጅለ ድራማ ተኻይዱ።



ጎስጋስ ንቕሓት ተምሃሮ ኣብያተ ትምህርቲታት ሓደ ካብ ኣገደስቲ ትሕዝቶታት ንጥፈታት ናይዚ ፕሮጀክት ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን እዩ። እዞም ርክባት ብዛዕባ ህጻናት ካብ ዘይሕጋውያን ኣስገርቲ ሰባት ሓገዝ ኣብ ዝሓትሉ ግዜ፡ከጋጥሞም ዝኽእል ሽግራትን ጸገማትን ተመሳሰልቲ ዛዕባታትን፡ሓበሬታት ንምርካብ የገልግል።ከም ኣካል ናይቲ ንጥፈታት ህጻናት ብኣኒሜሽን ዝተደገፈ ፊልምታት ብቛንቛታት ዓረብን ትግርኛን ይርእዩ። ከምኡ ድማ ብዛዕባ "እቲ ጉዕዞ" ትብል ናይ ህጻናት መጽሓፍ በዚ ፕሮጀክት'ዚ ዝተዳልወት ይዝትዩ።

## ተሳታፍነት ኣብ ስደት ዝነብሩ ማሕበረሰብ-ኣብ ኣውሮጳ



ምዝንታው ሓቀኛ ታሪኽ ኣብ ሃገረ ጀርመን ከተማ ሙኒክ ምስ ኤርትራውያን ማሕበረሰብ ፡ብዛዕባ ስደትኛታት ናብ ሊብያ ክኸዱ ከለዉን ብመገዲ ሊብያ ክሓልፉ ከለዉ ከጋጥሞም ዝኽል ጸገማት ዘትዮም። እቶም ማሕበረሰብ ብወገኖም ንጹርን ሕጋዊነት ዝሓዙ መንገድታት ዘለዎ ሓበሬታ ክህሉ ጸዊዖም።ብድሕሪኡውን ሕቶታት ምጥርናፍ ስድራቤት ክንውከሰሎም ንኽእል ኣድራሻታትን(family reunification contact details)፡ብዛዕባ ሕጋዊ መንገዲ ዝህልዉ ሓበሬታታት፡ኣብ መርበብ ሓበሬታና ብቀጻሊ ክነካፍል ሙኻና በዚ ኣጋጣሚ ንሕብር።ንዝያዳ ሓበሬታ መርበብ ሓበሬታና ተወከሱ።

## ኣብ ዝመጽእ...

- **ምስላዊ ተሳትፎ ብኢንተርኔት ምስ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ** : ኣብ ቀጥታዊ ርክብ(ኦን-ላየን )ኣብ ስደት ምስ ዝነብሩ ማሕበረሰብ ኣኼባታት መዲብና ኣሎና። ዝርዝር ኣብ ቀረባ መጻኢ ክቀርብ ኢዩ።
- **ቃል ምስክርነት ካብ ሃገረ ግብጺ:** ሓደስቲ ዛንታታት ብቛንቛታት ዓረብን ትግርኛን ኣብ ሃገረ ግብጺ ናይ ድምጽን ቀረጻን መስርሑም ዝዛዘሙ ኣብ ቀረባ ግዜ ክዝርግሑ'ዮም።

---

### ኣይትፈለዩና

### ትሕዝቶታት

መርበብ ሓበሬታና

ዛንታታት